Danske Bank

# ንናይ ገዛ ሪጋ ዘጠራቕምክዎ ገንዘብ ብኸመይ ናብ ካልእ ሰብ ይሰጋግሮ?

**<u>ዘጠራቕምካዮ ናይ ገዛ ሪጋ ገንዘብ ብመንገዲ ባንኪ-ኣይዲ ናብ ካልእ ሰብ ኣሰጋግር</u>**

1. ኣብዚ ዝስዕብ ገጽ danskebank.se/hsb ብምእታው ኣብቲ *"Flytta bosparande"* ዝብል ኣርእስቲ ጠውቕ። ብድሕሪ'ዚ ኣብቲ *"Flytta bosparande med BankID"* ዝብል ዘሎ ጠውቕ።

2. ናብቲ ገጽ ብሞባይል ባንኪ-ኣይዲ እቶ

3. ውልቃዊ ሓበሬታኻ ብምእታው፡ ጉዳይካ ንምስላጥ ሓበሬታኻ ክንጥቀመሉ ምኳና ፍቓደኛ ምኳንካ ኣረጋግጽ። ብድሕሪ'ዚ ኣብቲ *"Nästa"* ዝብል ዘሎ ጠውቕ።

4. ከም ዓሚል ዳንስከ ባንኪ ተመዝገብ እሞ፡ ነቲ ኩለን ባንኪታት ንዓማዊለን ዝሓትኦም ሕቶታት ውን መልሶ። እቲ ሕቶታት ነቲ እተውጽአ ባንኪ-ሕሳብ ብኸመይ ክትጥቀመሉ ኢኻ ዝብል ኮይኑ፡ ንቕሙጥ ገንዘብን ካልእ ኣገልግሎታትን ዝምልከት ሕቶታት ውን ዘካተተ እዩ።

ብድሕሪ'ዚ፡ "Fortsätt" ኣብ ዝብል ዘሎ ጠውቕ። ካልእ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስእንደሊ ክንውከሰካ ኢና።

እቲ እንሓተካ ሕቶታት ንምንታይ ኢና ንሓቶ ብዝያዳ ክበርሃልካ ምስእትደሊ ኣብዚ ዝስዕብ መላግቦ ጠዊቕካ ኣንብብ። Här *www.swedishbankers.se/foer- bankkunder/penningtvaett/ daerfoer-maaste-banken- staella-fraagor/*

5. ብባንኪ-ኣይዲኻ ጌርካ ብምፍራም ግብሪ ናይ ምኽፋል ግዴታ ከምዘለካ ኣረጋግጸልና።
ሕጂ፡ ኣብ ዳንስከ ባንከን ከም ዓሚል ተመዝጊብካ ኣለኻ።

6. እቲ ንናይ ገዛ ሪጋ ኢልካ ዘጠራቕምካዮ ገንዘብ ካብ ስዊድ-ባንክ ክሰጋገርን ተመሳሳሊ ሕሳብ ምስ ዳንስከ -ባንኪ ክኽፈተልካን ከምእትደሊ ፍቓደኛ ምኳንካ ኣረጋግጽ።

ብዜካ'ዚ፡ ዳንስከ-ባንከን፡ ዝነበረካ ገንዘብን ካልእ ዝደለብካዮ ርሾን ናብኡ ከምዝሰጋገር ንምግባር፡ ቁጽሪ-ሕሳብ ባንኪኻን ንናይ ገዛ ሪጋ ኢልካ ምስ HSB Bospar ከተጠራቕም ዝጸናሕካን ገንዘብ ቅሙጥ ገንዘብን ካብ ስዊድ-ባንኪ ከሰጋግሮ ከምእትደሊ ፍቓድካ ምኳኑ ውን ምርግጋጽ የድልየካ።

ብድሕሪ'ዚ ኣብቲ "Nästa" ዝብል ዘሎ ጠውቕ።

7. እቲ ውዕል ትኽክል ምህላዉ ድሕሪ ምንባብካ፡ ኣብቲ "Signera" ዝብል ዘሎ ብምጥዋቕ፡ ባንኪ-ኣይዲ ከፊትካ ፈርም።

ብድሕሪ'ዚ እቲ ውዕል ጸዲቑ ምህላዉ ውን ሓበሬታ ይመጸካ።

**ነቶም ዝተሰምየ ሕሳብ ከፊቶም ወርሓዊ ገንዘብ ከጠራቕሙ ዝደልዩ ዓማዊል፡**

8. ኣብቲ "Till internetbanken" ዝብል ዘሎ ኣርእስቲ ብምጥዋቕ ነቲ Hembanken ዝተሰምየ ናይ ኢንተርነት ባንኪ ውዕል ከምዝተቐበልካዮ ኣረጋግጽ።

9. ኣብቲ ኣብ ዋና-ገጽ እትረኽቦ "Öppna HSB Depå för fondsparande" ዝብል ዘሎ መላግቦ ጠውቕ።

10. ብድሕሪ`ዚ ኣብቲ "Beställ" ዝብል ዘሎ ጠውቕ

11. ነቲ ውዕል ኣንቢብካ ምስወዳእካ ከምዝተቐበልካዮ ብባንኪ-ኣይዲ ጌርካ ብምፍራም ኣረጋጽ።

12. ኣብዚ ዝስዕብ መላግቦ ብምጥዋቕ ወርሓዊ ገንዘብ ምጥርቓም ጀምር። "Komigångmeddittmånadssparandeifonder".

13. ርሾ (ፎንድ) ወይ ውን ርሾታት፡ መጠን ገንዘብን ቀዳመይቲ ገንዘብ እተእትወላ መዓልትን የእቱ።

14. ብድሕሪ`ዚ ብባንኪ-ኣይዲ ፈሪምካ፡ ምርጫኻ ኣረጋጽ።

HSB Depå (ኣቐዲሙ ኣብ ስዊድ-ባንኪ HSB Fondkonto ዝበሃል ዝነበረ) ሕሳብ ዘለኩም ወርሓዊ ገንዘብ ከተጠራቕሙ እትደልዩ ዓማዊል:

15. ነቲ Hembanken ዝተሰምየ ናይ ኢንተርነት ባንኪ ውዕል ከምዝተቐበልካዮ ኣረጋግጽ።

16. ብድሕሪ`ዚ ኣብቲ ዋና-ገጽ ዘሎ "Månadssparfonder" ዝብል ጠውቕ

17. ርሾ (ፎንድ) ወይ ውን ርሾታት፡ መጠን ገንዘብን ቀዳመይቲ ገንዘብ እተእትወላ መዓልትን የእቱ።

18. ብድሕሪ`ዚ ብባንኪ-ኣይዲ ፈሪምካ፡ ምርጫኻ ኣረጋጽ።

**ኣብቲ Hembanken ዝተሰምየ ናይ ኢንተርነት ባንኪ ገጽ ኣቲኻ ምስ bospar ዝተተሓሓዙ ፍርያታት ክትርኢ ምስእትደሊ**

19. ነቲ Hembanken ዝተሰምየ ናይ ኢንተርነት ባንኪ ውዕል ከምዝተቐበልካዮ ኣረጋግጽ።

20. ኣብ ኢንተርነት-ባንኪ ምስ ኣተኻ ኣብ ዘሎ ዋና-ገጽ ንፍርያት bospar ከምኡ ውን ወርሓዊ ምጥርቓም ዝምልከት መላግቦታት ኣለኩም።
እቲ ናብ ናይ ስዊዲ-ባንኪ ውልቂ ሕሳብካ ብቐጥታ ዝኸይድ ገንዘብ ናብቲ ኣብ ዳንስከ ዘለካ ናይ HSB Bospar ሕሳብ ንኽኸይድ ቀይሮ። እቲ ንዝኣተኻዮ ዓይነታት ርሾ ዝምልከት ገንዘብ፡ ብቐጥታ ካብቲ ናይ HSB Bospar ሕሳብካ፡ ኣብ ዝመረጽካያ ዕለት ይስሓብ።

እቲ ኣብ ስዊድ-ባንኪ ዝነበረ ሕሳብካ ክዕጾ ከምዘለዎን፡ ኩሉ ኣብቲ ሕሳብ ዝነበረካ ገንዘብ/ርሾ፡ ኣብ ውሽጢ 1 ክሳብ 4 ሰሙን ኣብ ዘሎ ግዜ ከምዝመጽእ ንገብር።

**<u>ንናይ ገዛ ሪጋ ዘጠራቕምካዮ ገንዘብ (bosparande) ናብ ቈልዑ ምስግጋር</u>**

1. ኣብዚ ዝስዕብ ገጽ ብምእታው danskebank.se/hsb ኣብቲ ሰመያዊ ዝሕብሩ "Flyttabosparande åtminderårig" ዝብል ዘሎ ጠውቕ።

Danske Bank

2. ብድሕሪ`ዚ ነቲ ቈልዓን ተሓታቲ/ወላዲኡን ዝምልከተ ብርክት ዝበለ ሕቶታት ይስዕብ። እቲ ሕቶታት እቲ ህጻን ነቲ ዘውጽኦ ባንኪ-ሕሳብ ብኸመይ ከጥቀመሉ እዩ ዝብል ኮይኑ፡ ንቕሙጥ ገንዘብን ካልእ ኣገልግሎታትን ዝምልከት ሕቶታት ውን ዘካተተ እዩ። እቲ እንሓተካ ሕቶታት ንምንታይ ኢና ንሓቶ ብዝያዳ ክበርሃልካ ምስእትደሊ ኣብዚ ዝስዕብ መላግቦ ጠዊቕካ ኣንብብ። *www.swedishbankers.se/foer- bankkunder/penningtvaett/ daerfoer-maaste-banken- staella-fraagor/ Klicka sedan på knappen ”Fortsätt”.*

ኣብ ከባቢ መወዳእታ ክፋል ናይቲ ዝምላእ ቅጥዒ፡ እንታይ ዓይነት ባንኪ-ሕሳብን ርሾን ኢኻ ነቲ ህጻን ክትእዝዘሉ ደሊኻ ዘለኻ መሪጽካ ምልክት ትገብር። ከም ኣብነት ኣብዚ ዝስዕብ ኣማራጺታት ማለት፡ መጠራቐሚ ሕሳብ ሆኤስበ (HSB Bosparkonto) ቀዋሚ ወለድ ዘለዎ መጠራቐሚ ሕሳብ ሆኤስበ (HSB Fasträntekonto) ወይ ውን ኣብ ርሾታት (spara I fonder I endepå) ክተጠራቕም ትኽእል። ካብቲ ዘሎ ምርጫታት ኣየናይ ምስ ኩነታትካ ዝሰማማዕ እዩ ዝብል፡ እቲ ናይ ምጥርቓም ውጥን ንሓጺር ወይ ውን ነዊሕ ዝጸንሕ እዩ ከምኡ ውን ማዕረ ክንደይ ዝኸውን ሪስኪ ወይ ሓደጋ ክትኣቱ ድሉው ኢኻ ኣብ ዝብል ዝተመርኮሰ ይኸውን።

ንተሓተቲ ወይ ውን ወለዲ ናይቲ ህጻን ንሕሳብ ባንኪ ይኹን ርሾ ናይቲ ህጻን ክርእዩ ዘኽእሎም ፍቓድ ክትእዝዝ ትኽእል ኢኻ። ንኹሎም ተሓተቲ ወይ ውን ወለዲ ነናቶም ፍቓድ ክትእዝዘሎም ትኽእል ኢኻ። ብኸምዚ ከኣ፡ ካብቲ ሕሳብ ገንዘብ ክስሕቡ ከምኡ ውን ርሾ ክዕድጉን ክሸቱን ይኽእሉ።

እቲ ንምጥርቓም ርሾ ዝምልከት HSB Depåför fond sparande ዝተሰመየ ሕሳብ ምስእትእዝዝ፡ ኣብቲ ”Fonderattvälja”ዝብል ዘሎ ብምጥዋቕ እቶም ክተጠራቕመሎም ዝደለኻ ዓይነታት ርሾ ብምምራጽ፡ ወርሒ-ወርሒ ብመልክዕ ርሾ ክተጠራቕም ትኽእል ኢኻ። ኣብቲ ቀዋሚ ወለድ ዘለዎ መጠራቐሚ ሕሳብ ሆኤስበ (HSB Fasträntekonto) ክተጠራቕም ምስእትደሊ ምስ ኣገልግሎት ዓማዊ በዚ ዝስዕብ ቍጽሪ-ስልኪ (0752-48 10 20) ብምድዋል ተዘራረቡ።

3. ነቲ ኣብ ስዊድ-ባንኪ ዝነበረ ሕሳብ ቈልዓ ዓጺኻ ናብ ዳንስከ-ባንከን ክተሰጋግሮ ምስእትደሊ፡ ኣብታ ሳጹን ምልክት ኤክስ ግበር። ኣብ ስዊድ-ባንኪ ዝርከብ ናይቲ ቈልዓ ናይ HSB ገንዘብ/ርሾ (HSB Bosparkonto, HSB Fondkonto eller HSB Fasräntekonto) ናይ ዝሓዘ ባንኪ ሕሳብ ቍጽሪ ጸሓፍ።

4. ካርዲ መንነት (ፍቓድ መምርሒ መኪና፡ ፓስፖርት ወይ ውናይዲ-ካርዲ) ናይ ወላዲ/ተሓታቲ ህጻን ስኢልካ ወይ ውን ስካን ጌርካ ጸዓኖ። ህጻን ክልተ ተሓተቲ ምስዝህልውዎ ናይ ክልቲኦም መንነት ብኸምዚ ዝተገልጸ ኣገባብ ምስቲ ቅጥዒ ክጸዓን ኣለዎ።

ንካርዲ መንነት ናይ ወለዲ ወይ ውን ተሓተቲ ናይቲ ህጻን ብሞባይል ሰኣሎ። ከምኡ ምስ ዝገበርካ፡ ኣብ ሞባይልካ ኣብ ኢ-መይልካ ብምእታው ነቲ ስእሊ ብመልክዕ ጥብቖ ካብ ኢ-መይልካ ናብ ኢ-መይልካ ለኣኮ። ብድሕሪ`ዚ ኣብ ኮምፕዩተር ኣብ ኢ-መይልካ እቶ። ነቲ ካብ ሞባይልካ ዝሰደድካዮ ስእሊ ኣራጊፍካ ኣብታ ኮምፕዩተር ዓቅቦ። ብድሕሪ`ዚ ኣብቲ ኣብ ከባቢ እግሪ ናይቲ ቅጥዒ ዝርከብ ”Laddauppdokument”ዝብል ብምጥዋቕ ነቲ መጠየቕታ ምምላእ ቀጽሎ።

ናይ ኩሎም ወለዲ/ተሓተቲ ካርዲ-መንነት ስእሊ ጸዓኖ።

5. ኣብቲ ”Skicka” ዝብል ዘሎ ብምጥዋቕ ከኣ ነቲ መጠየቕታ ከምዝስደድ ግበሮ። ከምዝተሰደ ውን መረጋገጺ ተቐበል።

ኣብ ውሽጢ ሒደት መዓልታት እቲ ዘእተኹሞ መጠየቕታን ምስኡ ዘሰነኹሞ ሰነዳትን ቅቡል ምዃኑ ንቖጻጸር። እቲ መጠየቕታ ዝምላእ ነገር ምስዝህልዎ ክንውከሰኩም ኢና። እቲ መጠየቕታ ምሉእ ምስዝኸውን ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ናይ ስራሕ መዓልታት ክልቲኦም ወለዲ ወይ ተሓተቲ ናይቲ ህጻን ክፍርምዎ ዝግባእ ውዕል ንሰደልኩም። ክልቲኦም ወለዲ ወይ ውን ተሓተቲ ባንኪ-ኣይዲ ምስዝህልዎም ብዲጂታላዊ መንገዲ ዝፍረም ውዕል ብኢ-መይል ንሰደልኩም። ክልቲኦም ወይ ውን ሓደ ካብቶም ወለዲ ወይ ተሓተቲ ባንኪ-ኣይዲ ምስዘይህልዎ ግን ነቲ ውዕል ብፖስጣ ንሰዶ።

6. ክልቲኦም ወለዲ ወይ ውን ተሓተቲ ናይቲ ህጻን ነቲ ውዕል ኣንቢቦም ኩሉ ቅኑዕ ከምዘሎ ክርእይዎ ይግባእ። ብድሕሪ`ዚ ከከም`ቲ ውዕል ዝተላእከልኩም ወይ ብኢንትርነት ትፍርምዎ። እቲ ውዕል ብወረቐት ዝተላእከልኩም ምስዝኸውን ከኣ ፈሪምኩም በታ ዝተላእከትልኩም ናይ መመለሲ ቡስጣ ትሰድዎ። ኣብ ውሽጢ ሒደት ናይ ስራሕ መዓልታት ከኣ እቲ ናይ ገዛ ናይ መጠራቐሚ ሕሳብን ካልእ ቦንዳታትን ከምዝተዋደደ ይሕበረኩም።

7. ብድሕሪ`ዚ፡ ካብ ባንኪኻ ናብ ናይቲ ቈልዓ ናይ HSB Bosparkonto ሓንቲ ግዜ ወይ ውን ወርሒ-ወርሒ ገንዘብ ከተእቱ ትኽእል። ብድሕሪ`ዚ ነቲ ብስም ቈልዓ ዝግበር ምጥርቓም ንናይ ገዛ ሪጋ ክትቅጽሎ ትኽእል።

እቲ ናይ HSB ንናይ ገዛ ሪጋ እትገብሮ ምጥርቓም ገንዘብ ከመይ ይመስል ብዝያዳ ንኽበርሃልካ ነዚ ዝስዕብ መላግቦ ጠዊቕካ ኣንብብ (*hsb.se/stockholm/bospar/sa-fungerar-det/*).

**<u>ንናይ ገዛ ሪጋ ዘጠራቕምካዮ ገንዘብ (bosparande) ብዘይ ባንኪ-ኣይዲ ከተሰጋግሮ ምስእትደሊ</u>**

1. ኣብዚ ዝስዕብ ገጽ ብምእታው *danskebank.se/hsb* ኣብቲ ”Flytta bosparande utan BankID” ዝብል ዘሎ ጠውቕ።

2. ብድሕሪ`ዚ ኩለን ባንኪታት ንዓማዊለን ዝሓትኦም ሕቶታት ይቕጽል። እቲ ሕቶታት ነቲ እተውጽኦ ባንኪ-ሕሳብ ብኸመይ ክትጥቀመሉ ኢኻ ዝብል ኮይኑ፡ ንቕሙጥ ገንዘብን ካልእ ኣገልግሎታትን ዝምልከት ሕቶታት ውን ዘካተተ እዩ። እቲ እንሓተካ ሕቶታት ንምንታይ ኢና ንሓቶ ብዝያዳ ክበርሃልካ ምስእትደሊ ኣብዚ ዝስዕብ መላግቦ ጠዊቕካ ኣንብብ። www.swedishbankers.se/foer-bankkunder/penningtvaett/daerfoer-maaste-banken- staella-fraagor/። ብድሕሪ`ዚ ኣብቲ ”Fortsätt” ዝብል ዘሎ ጠውቕ።

ኣብ ከባቢ መወዳእታ ክፋል ናይቲ ዝምላእ ቅጥዒ፡ እንታይ ዓይነት ባንኪ-ሕሳብን ርሾን ኢኻ ነቲ ህጻን ክትእዝዘሉ ደሊኻ ዘለኻ መሪጽካ ምልክት ትገብር። ከም ኣብነት ኣብዚ ዝስዕብ ኣማራጺታት ማለት፡ መጠራቐሚ ሕሳብ ሆኤስበ (HSB Bosparkonto) ቀዋሚ ወለድ ዘለዎ መጠራቐሚ ሕሳብ ሆኤስበ (HSB Fasträntekonto) ወይ ውን ኣብ ርሾታት (spara i fonder i en depå) ክተጠራቕም ትኽእል። ካብቲ ዘሎ ምርጫታት ኣየናይ ምስ ኩነታትካ ዝሰማማዕ እዩ ዝብል፡ እቲ ናይ ምጥርቓም ውጥን ንሓጺር ወይ ውን ነዊሕ ዝጸንሕ እዩ ከምኡ ውን ማዕረ ክንደይ ዝኸውን ሪስኪ ወይ ሓደጋ ክትኣቱ ድሉው ኢኻ ኣብ ዝብል ዝተመርኮሰ ይኸውን።

እቲ ንምጥርቓም ርሾ ዝምልከት HSB Depå för fond sparande ዝተሰመየ ሕሳብ ምስእትእዝዝ፡ ኣብቲ ”Fonder att välja” ዝብል ዘሎ ብምጥዋቕ እቶም ክተጠራቕመሎም ዝደለኻ ዓይነታት ርሾ ብምምራጽ፡ ወርሒ-ወርሒ ብመልክዕ ርሾ ክተጠራቕም ትኽእል ኢኻ። ኣብቲ ቀዋሚ ወለድ ዘለዎ መጠራቐሚ ሕሳብ ሆኤስበ (HSB Fasträntekonto) ክተጠራቕም ምስእትደሊ ምስ ኣገልግሎት ዓማዊ በዚ ዝስዕብ ቍጽሪ-ስልኪ (0752-48 10 20) ብምድዋል ተዘራረቡ።

Danske Bank

3. ነቲ ኣብ ስዊድ-ባንኪ ዝነበረ ሕሳብ ዓጺኻ ናብ ዳንስከ-ባንከን ከተሰጋግሮ ምስእትደሊ፡ ኣብታ ሳጹን ምልክት ኤክስ ግበር። ብዜካ HSB Bosparkonto ካልእ እተጠራቕሞ ነገራት ምስዝህሉ ውን ምልክት ግበረሉ።

4. ካርዲ መንነትካ (ፍቓድ መምርሒ መኪና፡ ፓስፖርት ወይ ውናይዲ-ካርዲ) ስኢልካ ወይ ውን ስካን ጌርካ ጸዓኖ። ንካርዲ መንነትካ ብሞባይል ሰኣሎ። ከምኡ ምስ ዝገበርካ፡ ኣብ ሞባይልካ ኣብ ኢ-መይልካ ብምእታው ነቲ ስእሊ ብመልክዕ ጥብቖ ካብ ኢ-መይልካ ናብ ኢ-መይልካ ለኣኾ። ብድሕሪ`ዚ ኣብ ኮምፕዩተር ኣብ ኢ-መይልካ እቶ። ነቲ ካብ ሞባይልካ ዝሰደድካዮ ስእሊ ኣራጊፍካ ኣብታ ኮምፕዩተር ዓቅቦ። ብድሕሪ`ዚ ኣብቲ ኣብ ከባቢ እግሪ ናይቲ ቅጥዒ ዝርከብ ”Ladda upp dokument” ዝብል ብምጥዋቕ ነቲ መጠየቕታ ምምላእ ቀጽሎ። ነቲ ስእሊ ጸዓኖ።

5. ኣብቲ ”Skicka” ዝብል ዘሎ ብምጥዋቕ ከኣ ነቲ መጠየቕታ ከምዝሰደድ ግበሮ። ከምዝተሰደ ውን መረጋገጺ ተቐበል።

ኣብ ውሽጢ ሒደት ናይ ስራሕ መዓልታት ከኣ፡ እቲ መጠየቕታን ካርዲ-መንነትን ቅጥዑ ዝሓለወ ምዃኑ ነረጋግጽ። እቲ መጠየቕታ ጎደሎ ዘይብሉ ኮይኑ ምስእንረኽቦ፡ ነቶም ዝተኣዘዙ ነገራት ዝካተተ ውዕል ብፖስጣ ንሰደልካ። እቲ መጠየቕታ ዝጎደሎ ነገር ምስዝህሉ ክንውከሰካ ኢና።

6. እቲ ዝርዝር ናይቲ ውዕል ትኽክል ምህላዉ ኣንቢብካ ምስ ኣረጋገጽካ፡ ፈሪምካ ኣብቲ ዝተላእከልካ መመለሲ-ቦስጣ የእቲኻ ቀልጢፍካ ለኣኾ። ኣብ ውሽጢ ሒደት ናይ ስራሕ መዓልታት ከኣ እቲ ሕሳብን ካልእ ርሾታትን በቲ ዝተደልዮ መልክዕ ምውዳዱ እትሕብር መረጋገጺት ደብዳቤ ንሰደልካ።

7. ብድሕሪ`ዚ፡ ካብ ባንኪኻ ናብ ናይ HSB Bosparkonto ሓንቲ ግዜ ወይ ውን ወርሒ-ወርሒ ገንዘብ ከተእቱ ትኽእል። ብድሕሪ`ዚ ነቲ ብስም ቁልዓ ዝግበር ምጥርቓን ንናይ ገዛ ሪጋ ከትቅጽሎ ትኽእል። ብድሕሪ`ዚ ነቲ ንናይ ገዛ ሪጋ ብስሩዕ ዝምልከት ምጥርቓም ብስሩዕ ከትቅጽሎ ትኽእል።

እቲ ናይ HSB ንናይ ገዛ ሪጋ እትገብሮ ምጥርቓም ገንዘብ ከመይ ይመስል ብዝያዳ ንኽበርሃልካ ነዚ ዝስዕብ መላግቦ ጠዊቕካ ኣንብብ (*hsb.se/stockholm/bospar/sa-fungerar-det/* ).